# ሎሚ ዝተበገሰ ንህዝቡ ንምጉዳእ....

ብጴጥሮስ ተኽሉ (ሓላዩ) 14/06/ 2010

እንቢ ሓሸውየ፡ ፍትሊፍ ግን ሕራይ ተዋላዋሊ፡
እንድሓደረ ዝጥፍሽ

ኣቤት ከምሕረልኩም ይበል ውራይ ንረብሓ ብዙሓት
ዝመርጽ ክርብሽ

ኣነ እንበር ንሕና ከይተባህለ ቅር ዑን ከም
ናይድስቲ ሕካኽ

ዓመታት ሪኢና ጉያ ተሓንበለ፣ ድዉን
ፖለቲካኡ ባዕካኽ

ካብ ናይ ውድባት ሓሸውየ የለን! ርቱዕ! ዘብዝሕ
ርእሲ ምሕካኽ፣

ናይ ውድብና ፍትሊፍ ግን ኣሎ መንበር
ሓቒ ርስንቲያ ከም ሞቕሎ

ንሱ ድማ ንሕና ንውክሎ ንህሩፈ-
ስልጣን፡ ኣብኣ ኮፍበል በሎ

ነጻነት ዘምጻእና ንሕና ኢና ሕማሙ
ንሳ'ያ፡ ኣጆኻ ኢልካ ኣንቅሎ

ካብ ዓይኒ ዓራት ዝበዝሕ ዓይንና፣ ህዝቢ
ክሰሃሎ፡ ህዉኽ ዝብኢ ክጥበስ ክቕሎ

ተልከስ የለን ባዕልና'ና ዋና፡ ንዓይ
ዝልመደ ይሕኮር መዳይቦ

ዓይንኹም ዓይኒ ዓሳ ትኹን! ሽግርን
መከራን ባዕላ'ያ ትኽቦ

ይብሉ’ለዉ ህግደፋውያን፡ ፈጢጥኩም ሕደሩ ሓፍኮፍ ይብል ሓቺ
ምስሸልበቦ

ገፈልኩም ዶ ከይትሪኡ፤ ገፈልመፈል ተደረሩ ተኺኹ ክውዳእ
ከምዝነቐጸ ኩቦ፣

በጃ ዝሰኣነት፡ ሓላው-ዓይኒ ኣድሒንዋ ከም
መልኣከሞት ገዛ ዝኩዋሕኩሐ

እንበር ብትእዛዝኩምሲ ክንደይ ገፈል ምኣተዋ፡ ድቃስ ሰብ
ዝኸልአ ሰብ ዘሰክሐ

ኣቤት! ናይ ፖለቲካ ደገል <u>ሎሚ</u>
<u>‘ተበገሰ ንህዝቡ ንምጉዳእ</u>

ተመን ክነስኻስ ኣነ ገበል ብሽለል
ኣይሕለፍን ኢልካ ካብዘይምርዳእ

ካብ ታሪኽ ዘይመሃር ‘’ም ዕ ሩ ይ’’ መዓልቲ
ፈተነ ትቐርብያ ዘላ

ደቂቅ ክነሱ ዝብል ኣነ ፍሩይ፣ እታ ዘላ
ኣብኣ’ላ ተዘየስተብሂካላ።